ሓበሬታ ንዓኻትኩም ወለዲ፡ ካብ “ቤትስልጣን ምክልኻል ማሕበረ-ሰብን ድልውነትን”
”Myndigheten för samhällsskydd och beredskap”

Tigrinja

# መን እዩ’ቲ፡ ቤትትምህርቲ፡ መዋዕለ-ሓጻናት፡ ”ፍሪቲድስ” ወይ ካልእ ስነ-ትምህርታዊ ንጥፈታት ኣብ ዚዕጸወሉ ጊዜ፥ ንናይ ቆልዑ ሓልዮት-ሕጻናት ዕድል ኪወሃቦ ዚኽእል?

MSB1542 – ሚያዝያ 2020

ዝርግሐ ለበዳ ናይ ”ሕማም ቫይሩስ - ኮቪድ-19” ንምዕጋት ተባሂሉ፤ መንግስቲ ሽወደን ወይ ኣብያተ-ስልጣን ቤትትምህርቲ/”ፍሪቲድስ”፡ ወይ ውን ብዓል-መዚ ካልኦት ስነ-ትምህርታዊ-ንጥፈታት፥ ንኺዕጸዉ ኪውስኑ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ንጥፈታት’ቲ ከም ዚዕጾ እንተ ተጌሩ ድማ፥ ንገለ ኣብቶም ኣገደስቲ ማሕበረ-ሰብኣዊ ኣገልግሎት ዚሰርሑ  ወለዲ ግን፥ ብቐጻሊ ናይ ደቆም ሓልዮት-ሕጻናት ንኺረኽቡ ዕድል ኪወሃቦም ዚግባእ’ዩ።

ንስኻትኩም ወለዲ፡ ኣድላይነት ናይ መዋዕለ-ሕጻናት ከም ዘሎኩም ክተመልከቱ ዕድል ኣሎኩም እዩ። እዚ ግን፡ እንተ ደኣ እቲ ስራሕኩም፡ ነቲ ማሕበረ-ሰብኣዊ ኣገልግሎታት ብግቡእ ንምዕቃቡ፥ ኣዝዩ ኣገዳሲ ንጥፈት ኲይኑ’ዩ።

ነዚ ናይ ሓልዮት-ሕጻናት’ዚ ንምርካብ መሰል ኪህልወኩም ዚኽእል ግን፥ ንስኻትኩም ባዕልኻትኩም ሓልዮት-ሕጻናት ክተዳልዉ ምስ ዘይትኽእሉ ጥራይ’ዩ። እቶም ናይ ቆልዑ ወለዲ ክልተ እንተ ኴንኩም፥ እሞ ሓደ ካብኣቶም ጥራይ ኣብ ኣብቲ ንማሕበረ-ሰብ ኣገዳሲ ዚበሃል ንጥፈት ዚሰርሕ ኲይኑ፥ እቲ ካልኣይ ወላዲ/ት ነቶም ቆልዑ ኪሕዝ’ዩ ኢልካ ኢኻ ትወስዶ።

## ንማሕበረ-ሰብ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነ ንጥፈት ከም ዝሰርሕ’ኻ፡ ብኸመይ ክፈልጦ እኽእል?

እቲ ዝቼጻረካ ትካል ወይ እቲ ወሃብ-ስራሕካ፥ ብመሰረት’ቲ ”ብቤትስልጣን ምክልኻል ማሕበረ-ሰብን ድልውነትን” (MSB)፥ *ንናይ ማሕበራዊ-ህይወት ኣገዳሲ ዝኾኑ ንጥፈታት ኣመልኪቱ፥ ብዛዕባ ሓልዮት-ሕጻናት ዘውጽኦ መርሃ-ሕጊ (MSBFS 2020:3 och 2020:4)* መሰረት ብምግባር፥ እቲ ትሳተፈሉ ስራሕ ንማሕበረ-ሰብኣዊ ኣገልግሎት ንምዕቃብ፥ ኣገዳሲ ምዃኑ ገምጋም ኪገብር’ዩ።

ብተወሳኺ ውን እቲ ዝቼጻረካ ትካል ወይ እቲ ወሃብ-ስራሕካ፥ እቲ ቤት-ንጥፈቱ ብቕቡል-ደረጃ ንጥፈታቱ ዓቂቡ ኪቕጽል ንኪኽእል፥ ኣየኖት ሰራሕተኛታት ከም ዘድልይዎ፥ ናቱ ገምጋም ኪገብር’ዩ።

ምስ’ቲ ዝቼጻረካ ትካል ወይ እቲ ወሃብ-ስራሕካ፥ ንስኻ/ኺ ሓደ ካብቶም ዘድልዩ ሰራሕተኛታት እንተ ደኣ ኴንካ/ኪ ንምፍላጥ፥ ምስኡ ተዛራረብ/ቢ።

## ሓልዮት ሕጻናት ዘድልየኒ እንተ ኾይኑ፡ እንታይ ክገብር እኽእል?

ሓልዮት-ሕጻን ንምርካብ ኣድላይነት ዘሎካ፥ ግን ድማ፡ ቆልዓ ዚሕዘልካ ሰብ ንምድላው ምስ ዘይትኽእል፤ ናብቲ ኮሙንካ ወይ ሓለቓ ናይ ቤትትምህርቲ፡ መዋዕለ- ሕጻናት፡ ”ፍሪቲድስ” ወይ ውን ነቲ ዚምልከቶ ካልእ ስነ-ትምህርታዊ-ንጥፈት፥ ምልከታ ክተቕርብ ይግብኣካ።

እቲ ኮሙንካ ወይ ሓላፊ ናይቲ ዚምልከቶ ቤት-ንጥፈት፡ ብኸመይ ኣድላይነት ሓልዮት ሕጻናት ንቖልዑ ክተመልከት ከም ዘሎካ፥ ሓበሬታ ኪህበካ’ዩ።

### እቲ ማሕበረ-ሰብኣዊ ህይወት ኣገዳሲ ዚበሃል ንጥፈት እንታይ’ዩ?

እዚ፡ እቲ እንተዘይተተግቢሩ ወይ እንተ ጐዲሉ፥ ኣብቲ ማሕበረ-ሰብ ዕግርግር ኪፈጥር ዚኽእል ዓይነት ንጥፈታትት’ዩ። ወይ ውን ንሓደ ኣብቲ ማሕበረሰብ ዘጋጠም ህጹጽነት ንምእላይ ዘድሊ ንጥፈት’ዩ።

እዞም ንጥፈታት ድማ ብብዙሓት ነንበይኖም መንግስታውያንን ግላውያንን ትካላት ዚትግበሩ’ዮም።

መንግስቲ ነዞም ዚስዕቡ ኣብ ውሽጦም ኣገዳሲ ማሕበረ-ሰብኣዊ ተዋሳእነት ዘሎዎም 12 ንጥፈታውያን ትካላት ረቒሒሑ ኣሎ።

- ቀረብ-ጽዓት
- ፊናንስያዊ-ኣገግሎትታት
- ንግድን ኢንዱስትሪን
- ሓለዋ-ጥዕናን ክንክን-ሕማምን ማሕበራዊ ሓልዮታትን
- ሓበሬታን ርክባትን
- ኮሙናዊ ቀረብ-ኣገልግሎት
- ቀረብ-መግቢ
- ወተሃደራዊ ምክልኻል
- መንግስታዊ ምምሕዳራት
- ጸጥታን ሓለዋታትን
- ማሕበራዊ ውሕስነታት
- ትራንስፖርት

መግለጺን፡ ኣብነታት ናይቶም ንማሕበረሰብ ኣገደስቲ ዚበሃሉ ናይ ንጥፈት ጽላታት፥ ኣብዚ ዚስዕብ ጽሑፍ ክትረኽቦ ኢኻ፡-

*መርሃ-ሕጊን ሓፈሻዊ ህዝባዊ መምርሒን፥ ነቶም ኣብቶም ንማሕበረሰብ ኣገደስቲ ዝኾኑ ንጥፈታት ዚሰርሑ ወለዲ ዚዳሎ ናይ ሓልዮት/ኣገልግሎት-ሕጻናት (MSBFS* 2020:3 ከምኡ ውን 2020:4).

ኣብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ኢንተርነት ብዝበለጸ ኣንብብ፡-

www.msb.se/foreskriftomsorg

እቲ ኮሙንካ ወይ እቲ ሓላፊ ናይቲ ዚምልከቶ ቤት-ንጥፈት፥ እንተ ደኣ ነቲ ዘሎካ ናይ ሓልዮት-ሕጻናት ኣድላይነት መረጋገጺ ክተቕርብ ሓቲቱካ፥ ካብ ወሃብ-ስራሕካ ምስክር-ወረቐት ምቕራብ ከድልየካ’ዩ።

ምሳና ተራኸቡ፡-
ቴሌ፡- 0771-240 240
registrator@msb.se
www.msb.se

Myndigheten för samhällsskydd och beredskap

## ከም ወላዲ መጠን፡ ”ብኻልእ ኣገባብ” ቆልዓ ንዝሕዘለይ ሰብ ንምድላው፥ ንኽንደይ ዝምርሓቑ መንገዲ ክጕዓዝ ይግብኣኒ?

ብቐዳማይ ደረጃ፡ እቲ ቆልዑ ኣብ ገዛኻ ኪጸንሑሉ ዚኽእሉ ዕድል ምፍታን'ዩ። ምኽንያቱ ድማ፡ እቲ ዕላማ ናይቲ ምዕጻው ቤትትምህርቲ ውን፥ ዝርግሐ ለበዳ ንምንካይ'ዩ።

> **!** ነቶም ኣብ ናይ ሓደጋ ጒጅለ ዘሎዉ ሰባት ኣይትስርሑዎም፥ ንኣብነት ቆልዓ ከም ዚሕዙልኩም ኣይትግበሩ!

### መን'ዩ 'ቲ ዋና ብዓል-መዚ?

እቲ ዋና-ብዓል መዚ ዚበሃል፥ እቲ ኮሙን'ዩ። እንተ ደኣ እቲ ቤትትምህርቲ ወይ እቲ ”መዋዕለ-ሕጻናት” ብኮሙን ዝመሓደር ኰይኑ። እንተ ደኣ እቲ ቤትትምህርቲ ወይ እቲ ”መዋዕለ-ሕጻናት” ግላዊ ኰይኑ ድማ፥ ንኣብነት እቲ ቦርድ (ኣመሓደርቲ) ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

## ሕቶታት ምስ ዚህልወኒ፡ ምስ መን'የ ክራኸብ ዘሎኒ?

ኣብ ጊዜ ምዕጻው ቤትትምህርቲ፥ እንታይ ከም ዘገግልግ ንምፍላጥ ምስ ትደሊ፡-

ምስ ሓለቓ ናይ ቤትትምህርቲ፡ መዋዕለ-ሕጻናት፡ ”ፍሪቲድስ”፡ ወይ ካልእ ስነ-ትምህርታዊ ንጥፈታት።

ሕቶታት ብዛዕባ'ቲ ንማሕበራዊ-ህይወት ኣገዳሲ'ዩ ዚበሃል ንጥፈት፥ ከምኡውን ነቶም ኣብቲ ህይወት ማሕበረ-ሰብ ኣገዳሲ ዚበሃል ኣገልግሎት ዚሰርሑ ወለዲ ኣመልኪቱ፥ ብዛዕባ ሓልዮት-ሕጻናት ዝወጸ መርሃ-ሕጊን ሓፈሻዊ ህዝባዊ-መምርሒን፡-

ቤትስልጣን ማሕበራዊ-ምክልኻልን ድልውነትን (Myndigheten för samhällsskydd och beredskap)

ኣድራሻ ኢንተርነት፡- www.msb.se/foreskriftomsorg

ኤ-ፖስት፡- samhallsviktigverksamhet@msb.se

Kontakta oss:
Tel: 0771-240 240
registrator@msb.se
www.msb.se

Myndigheten för samhällsskydd och beredskap